# ንእግዚኣብሄር ምፍላጥ ዝሕብር መገዲ

# How to Know God Personally

*The following four laws help us to know God personally and have a purpose in life.*

*እዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ነጥብታት ንእግዚኣብሄር ንምፍላጥን ተስፋ ዘለዎ ህይወት ንምንባርን ይሕብራና።*

1

God **LOVES** us and created us to have a personal relationship with Him.

እግዚኣብሄር የፍቅረና እዩ። ብብሕትና ንኽንፈልጦ ከኣ ፈጠረና።

### THE LOVE OF GOD

*"God so loved the world that He gave His one and only Son, that whoever believes in Him shall not perish, but have eternal life" (John 3:16 NIV).*

### ናይ ኣምላኽ ፍቕሪ፥

*«ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ንወዱ በጃ ኸሳዕ ዚህብ ኸሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ» (ዮሃንስ 3: 16)*

### GOD'S PLAN

[Jesus is praying to the Father]: *"And this is eternal life, that they may know You, the only true God, and Jesus Christ whom you have sent." (John 17:3)*

### ናይ ኣምላኽ መደብ፥

*«ኣምላኽ ሓቂ ንስኻ በይንኻ ምኻንካን ነቲ ዝለኣኽካዮ የሱስ ክርስቶስ ኪፈልጡ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዚእ እያ» (ዮሃንስ 17:3)*

*Why is it that most people are not experiencing the abundant life and this relationship with God?*

*ንእግዚኣብሄር ከምቲ ዝግብኦና ከይንፈልጦ እንታይ ይኽልክለና?*

2

Man cannot know God and experience His love because he is sinful.

ሰብ ሓጢኣተኛ ስለ ዝኾነ ንእግዚኣብሄር ክፈልጦን ፍቕሪ እግዚኣብሄር ክለማመድን ኣይክእልን እዩ።-

Man was created to have fellowship with God; but, because of man's sin, this fellowship with God was broken. The violation of God's law, the Bible calls sin.

ሰብ ዝተፈጥረ ምስ እግዚኣብሄር ሕብረት ክገብር እዩ። ግናኸ ሰብ ምስ ሓጥኤ እዚ ሕብረት እዚ ተቓረጸ። ሕጊ እግዚኣብሄር ጥሓስ ከኣ ብመጽሓፍ ቅዱስ ሓጢኣት ይበሃል።

### MAN IS SINFUL

*"All have sinned and fall short of the glory of God" (Romans 3:23).*

### ሰብ ሓጥእ እዩ።

*«ኵሎም ሓጢኣም ክብሪ ኣምላኽ'ውን ስኢኖም» (ሮሜ 3:23)*

**ROUGH DRAFT**
**Underlining shows text which does not match the local version and is awaiting correction.**

## MAN IS SEPARATED FROM GOD

*“The wages of sin is death” (Romans 6:23).*

## ሰብ ካብ ኣምላኽ ተፈልየ።

*«ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ» (ሮሜ 6:23)*




Sin is eternal separation from God. This diagram illustrates that God is holy and man is sinful. A great gulf separates the two. Mankind by his own efforts cannot have a relationship with God.

ሓጢአት ማለት ካብ እግዚአብሄር ንዘልአለም ምፍላይ ማለት እዩ። እዛ ብጸጋም ዘላ ስእሊ ከም እተብርሃልና አብ ሞንጎ አምላኽን ሰብን ዓቢ ጋግ ወይ ከአ ፍልልይ አሎ። ሰብ ብተግባሩን ብመገዱን ምስ አምላኽ ክራኸብ እይክእልን እዩ።

*The third law shows there can be a bridge between God and man...*

*ቀጺላ ተጠቒሳ ዘላ ሳልሰይቲ ነጥቢ ነቲ አብ መንጎ ሰብን አምላኽን ዘሎ ፍልልይ እተራኽብ ድልድል ትሕብረና።*

Jesus Christ is God’s **ONLY** provision for man’s sin. Through Him you can know and experience God’s love and plan for your life.

3

ንአምላኽን ሰብን ዘራኽብ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ። ብእኡ ጥራይ ኢና ንእግዚአብሄር ክንፈልጠን ፍቕሩ ከአ ክንለማመዶን እንኽእል።

## HE DIED IN OUR PLACE

*“God demonstrates His own love toward us, in that while we were yet sinners, Christ died for us” (Romans 5:8).*

## አብ ክንዳና ሞተ።

*«ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ አብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ አምላኽ እታ ፍቕሩ ንአና በዚ የርኢ ኣሎ።»(ሮሜ 5:8)*

## HE HAS RISEN FROM THE DEAD

*“Christ died for our sins...He was buried...He was raised on the third day, according to the Scriptures...He appeared to Peter, then to the twelve. After that He appeared to more than five hundred….” (1 Corinthians 15:3-6).*

## ካብ ሞት ተንስኤ።

*«...ክርስቶስ ምእንቲ ሐጢአትና ሞተ። ተቐብረ...ብሳልሰይቲ መዓልቲ'ውን ተንስኤ ....ነቶም ዓሰርተ ክልተ ተራእየ ድሕሪኡ.... ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ንዝበዝሐ አሕዋት ብሐንሳብ ተራእየ።» (1ይ ቆሮ 15:3-6)*

## HE IS THE ONLY WAY TO GOD

*“I am the way, and the truth, and the life; no one comes to the Father, but through Me’” (John 14:6).*

## ምስ ኣምላኽ ዘራኽብ መገዲ ንሱ ጥራይ እዩ።

*«የሱስ ከአ በለ ፥ መገድን ሐቅን ህይወትን አነ እየ። ብዘይ ብአይ ሐደ እካ ናብ አቦ ኪመጽእ ዚኽእል የልቦን» (ዮሃንስ 14:6)*

God has bridged the gulf separating us from Him by sending His Son Jesus to die in our place. Jesus Christ died on the cross and paid our debt.




እዛ ብጸጋም ዘላ ስእሊ እግዚኣብሄር ነቲ ኣብ መንጎኡን ሰብን ዝነበረ ፍልልይ ሓደ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ልኢኹ ዘራኸበ ድልድል ከምዝገበሮ ተብርህልና። የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳ ሐጢኣትና ከፈለ።

*But just to know these three laws is not enough…*

*ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው ሓቅታት ምፍላጥ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን።*

We can experience God's love in a personal way if we individually accept Jesus Christ as our Saviour and Lord.

4

ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ብሕቲ መድሓኒኡን ጐይታኡን ክቕበሎ ይግባእ። ሽዑ ጥራይ እዩ ንፍቕሪ ኣምላኽ ክለማመዶ ዝኽእል።

**WE MUST RECEIVE JESUS**

*"As many as received Him, to them He gave the right to become children of God, even to those who believe in His name" (John 1:12)*

**ንየሱስ ክንቅበሎ ይግባእ።**

*«ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሀቦም» (ዮሃንስ 1:12)*

**WE RECEIVE JESUS IN OUR HEART BY FAITH**

*"For it is by grace you have been saved, through faith—and this is not from yourselves, it is the gift of God—not by works, so that no one can boast." (Ephesians 2:8,9)*

**ንየሱስ ኣብ ልብና እንቕበሎ ብእምነት እዩ።**

*«ሓደ እካ ኽይምካሕሲ ካብ ግብሪ ኣይኾነን እሞ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም እዚ ከኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር ካባኻትኩም ኣይኮነን» (ኤፌሶን 2:8-9)*

**WHEN WE RECEIVE CHRIST, WE EXPERIENCE A NEW BIRTH**

**(Read John 3:1-8)**

**ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልብና ብእምነት ምስ ተቐበልናዮ ካልኣይ ንውለድ።**

ኣብ ዮሃንስ 3:1-8 ዘሎ ኣንብብ።

**WE RECEIVE JESUS WHEN WE INVITE HIM PERSONALLY**

[He is saying:] *"Here I am! I stand at the door and knock. If any one hears My voice and opens the door, I will come in and eat with him and he with Me" (Revelation 3:20).*

**ንየሱስ ኣብ ልብና እንቕበሎ ብብሕትና ብምዕዳም እዩ።**

(የሱስ በለ) *«እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕ ኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሐደ እካ ድምጻይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተኸፈተለይ ናብኡ ኽአቱ ምስኡ ክድረር እየ ንሱውን ምሳይ» (ራእይ ዮሃንስ 3:20)*

We receive Jesus when we confess our sins and realise that He has paid the penalty for our sins and that He died on our behalf. We receive Him by faith.

ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወትና እንቕበሎ ካብ ሓጢኣትና ምስእንናዘዝ:- የሱስ ዕዳ ሐጢኣትና ንምኽፋል ኣብ ክንዳና ከም ዝሞተ ምስ እንፈልጥ:- ብእምነት ውን ኣብ ልብና ክንቅበሎ ምስእንውስን እዩ።

## LET'S LOOK AT THE TWO DIAGRAMS

## እዘን ዝስዕባ ስእልታት ንመልከተን።

The first diagram shows a person who has not made Jesus Christ the lord of his life. Because Jesus Christ is outside his life, he has no assurance of eternal life This is an example of a person without goals because self sets the boundaries of his conduct.



እዛ ቀዳመይቲ ስእሊ:- ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወቱ ዘየንገሰ ሰብ ተመልክተልና፥መስቀል ጐይታና የሱስ ካብ ህይወቱ ወጻኢ እዩ። ርግጽነት ናይ ዘለኣለም ህይወት ዘይብሉን፥ ህይወቱ ናብ ኣምላኽ ዘማዕቈበን ሰብ ኣብነት እያ።

The second diagram shows a man who has entrusted his life to Jesus Christ. His sins have been forgiven and he enjoys the love of God in his life every day.



እዛ ካልኣይቲ ስእሊ ግና:- -ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ውሽጢ ህይወቱ ዘንገሰ፥ ምስ ኣምላኽ ክአ ዕርቂ ናይ ዝረኸበ ሰብ መረዳእታ እያ። ርግጽነት ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣለዎ። መገዱን ህይወቱን ከአ ብኣምላኽ ዝምራሕ እዩ።

**Which diagram illustrates your life?**

**ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዘለዋ ስእልታት:- ህይወትካ ምስ ኣየነይቲ ትመሳሰል?**

*The following explains how you can do this:*

*እዚ ዝስዕብ ንየሱስ ክርስቶስ ከመይ ጌርካ ኣብ ልብኻ ክም ትቕበሎ የረድእ።*

## YOU CAN RECEIVE CHRIST RIGHT NOW BY FAITH THROUGH PRAYER

## ሕጂ ብእምነትን ብጸሎትን ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልብኻ ክትቅበሎ ትኽእል።

Prayer is simply talking to God. The following is a suggested prayer:

ጸሎት ማለት ምስ ኣምላኽ ምዝራብ ማለት እዩ። እዛ ትስዕብ ዘላ ጸሎት ንሓበሬታ ነቕርባ፥

**"Lord Jesus, I want to know you as my personal Saviour. I thank you for dying on the cross in my place. I open the door of my heart and my life to you. I accept you as my Saviour and the Lord of my life. I thank you for giving me eternal life and forgiving my sins. Guide my life according to your will.**

**«ጐይታ የሱስ ከም ናይ ብሕቲ መድሓኒየይ ክፈልጠካ እደሊ አሎኹ። ኣብ ክንዳይ ኣብ መስቀል ስለዝሞትካ ኤመስግነካ። ኣፍደገ ልበይን ህይወተይን እኸፍተልካ ኣሎኹ። ከም መድሓንየይን ጌይታ ህይወተይን እቕበለካ ኣሎኹ። ንሓጢአተይ ይቕረ ስለዝበልካለይን ናይ ዘልኣለም ህይወት ስለ ዝሀብካንን ኤመስግነካ። ኣብ ህይወተይ ንገስ። ከምቲ እትደልዮ ኸአ ንህይወት ምርሓዮ።»**

Does this prayer express the desire of your heart?

If it does, I invite you to pray this prayer right now, and Christ will come into your life, as He promised.

ዛ ጸሎት ባህጊ ልብኻ ተመልክትዶ?

ንተደአ ተመልክት ኰይና ሕጂ ጸሊ። የሱስ ክርስቶስ ከአ ከምቲ መብጽዕዑ ኣብ ህይወትካ ክነግስ እዩ።

You know that Jesus has become the Lord of your life because of His promises. God never fails. The Word of God tells us: *"God has said: 'I will never leave you; I will never forsake you.'" ( Hebrews 13:5)*

ክርስቶስ ኣብ ህይወትካ ከምዝነገሰ እትፈልጥ በቲ ዝሃቦ ተስፋ ቓሉ እዩ። ኣምላኽ ኣይጠልምን እዩ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብለና፥ *«ንሱ ባዕሉ ኣይክሐድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይክብለካን እዩ» ይብል (እብራውያን 13:5)*

**When you receive Jesus in your heart:**

1. He comes into your life and becomes lord of your life. (Revelation 3:20)
2. Your sins are fully forgiven. (Colossians 1:14)
3. You are a child of God. (John 1:12)
4. You receive eternal life (John 5:24)
5. You begin the new, eternal life for which God created you. (2 Corinthians 5:17)

**ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልብኻ ስለ ዝተቐበልካዮ ፥**

1 – ክርስቶስ ኣብ ህይወትካ ይኣቱን ይነግስን (ራእይ ዮሃንስ 3:20)

2 – ንሐጢኣትካ ይቕረ ይብለካ (ቈሎሴ 1:14)

3 – ውሉድ ኣምላኽ ትኸውን (ዮሃንስ 1:12)

4 – ናይ ዘልአለም ህይወት ትረክብ (ዮሃንስ 5:24)

5 – ሐድሽን ተስፋ ዝመልኦን ህይወት ምንባር ትጀምር (2ይ ቈሮንቶስ 5:17)

## DO NOT DEPEND ON FEELINGS

The decision to accept Jesus Christ in our heart should depend on the word of God and not on feelings. The train diagram shows the relationship between the word of God, faith and feelings.

## ኣብ ስምዒት ኣይትመርኰስ።

ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልብና ንምቕባል እንገብሮ ውሳኔ ኣብቲ ቃል ኣምላኽ እምበር ኣብ ስምዒት ዝተመርኰሰ ኣይኮነን። ኣብ መንገጐ ቃል ኣምላኽን እምነትን ስምዒትን ዘሎ ርክብ በዛ እትስዕብ ዘላ ስእሊ ንመልከት።




The final authority for the Christian is the Word of God (the Bible) and not his feelings, his impressions. The Christian lives by by faith (trust) in the the trustworthiness of God Himself and His Word. His Word shows us the promises for our salvation. Then feelings follow. Therefore we should always depend on the sure foundation of the Word and not feelings.

መጀመርያ ዝመጽእ ቅዱስ ዝኾነ ቃል ኣምላኽ እዩ። መሰረት ናይ እምነትና ቅዱስ ዝኾነ ቃሉ እዩ። በዚ ቅዱስ ቃል እቲ ኣምላኽ ዝሃበና ተስፋ ድሕነት ንፈልጥ። ብድሕርዚ ከኣ ብእምነት ንቕበሎ ሽዑ ስምዒት ይስዕብ። ስለዚ ከኣ ኹሉ ጊዜ እምነትና ኣብቲ ጽኑዕ መሰረት ዘለዎ ቃል ኣምላኽ እምበር ኣብ ስምዒትና ዝተመኩሰ ክኸውን ኣይግባእን።

## AFTER RECEIVING JESUS IN OUR HEARTS

Here are some suggestions for growth after experiencing salvation:

1 Beginning each day with prayer. (John 15:7)

2 Read the Bible daily. (Acts 17:11) It's a good idea to start with the Gospel of John.

3 Take part in Church activities: Bible study, reading the Bible, praying and giving thanks.

If we do this, our salvation become more real, our spiritual life grows stronger and our faith in God's promises is strengthened.

## ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልብና ምስ ተቐበልናዮን

ተመኩሮ ድሕነት ምስ ረኸብናን ንመንፈሳዊ ዕቤት ዝሕግዙና ተግባራት፥

1 ዕለት ዕለት ጸሎት ምግባር (ዮሃንስ 15:7)

2 ቃል ኣምላኽ ዕለት ዕለት ምንባብ (ግብረ ሃዋርያት 17:11) ብወንጌል ዮሃንስ እንተጀመርናዮ ሰናይን ዝሓሸን እዩ።

3 መንፈሳዊ ኣኼባታት ኣብ ቤተ-ክርስትያን ምክፋል:- ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕትን ምንባብን ናይ ጸሎትን ምስጋናን ግዜ ክህልወና ይግባእ።

እዚ ምስ እንገብር እቲ ዝረኸብናዮ ድሕነት እናደልደለ እቲ መንፈሳዊ ህይወትና እናዓበየ እቲ ኣብ ኣምላኽ ዘሎና ተስፋን እምነትን ከአ ጽኑዕ መሰረት ዘለዎ ይኸውን።

## SPECIAL MATERIALS ARE AVAILABLE FOR CHRISTIAN GROWTH.

If you have come to Christ personally through this presentation of the gospel, helpful materials for Christian growth are available to you. For more information write
Campus Crusade for Christ Australia,
PO Box 40, Sydney Markets, NSW 2129
phone (02) 9746 1099 Fax: (02) 9746 1395
**email: <materials@hereslife.com>**
**Web page: <http://hereslife.com>**
©Campus Crusade for Christ Australia, 2002
A.C.N. 002 310 796
*Last Revision:* 24 Jan. 2002

Mailing Address:
**Great Commission Ministry**
**PO Box 41303**
**Addis Ababa**
**ETHIOPIA**

Email: **<gcmethiopia@telecom.net.et>**

*Helping you reach multicultural communities with the Gospel*